ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ክልል ትግራይ ናይ ቤት ምክሪ ግልጋሎት ዝዉዕላ ሞተር ሳይክል ኣብ 2012ዓ/ም በጀት ዓመት ፣ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክገዝእ ይደሊ በዚ መሰረት ተወዳደርቲ ከማልእዎም ዝግባእ ረቋሒ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ መስከረም 5, 2012 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 20, 2012 8:30 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:200000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መስከረም 21, 2012 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ዕድጊት ሞተርሳይክል/

1 በቲ ዘርፊ ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድሓደ ኮፒ ከቕርብ ዝኽእል::

2 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቑፅሪ TIN ሰርተፊኬት ሓደ ኮፒ ከቕርብ ዝኽእል::

3 ንተወሳኪ እሴት ታክሲ ዝተመዝገበ VAT ምዝገባ ሰርቲፊኬትን ናይሓምለ 2011 ዓ/ም VAT ድክላሬሽን ኦርጅናልን ሓደ ኮፒ ከቕርብ ዝኽእል:;

4 በቲ ዘርፊ ናይ 2011 ናይ መቕረባይነት ዝተመዝገበ ምኻኑ ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ምስኽር ወረቓት ኦርጅናልን ሓደ ኮፒን ከቕርብ ዝኽእል::

5 ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኮነ ተወዳደደሪ ዝሰዓሮ ንብረት ዉዕሊ ካብ ዝአሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 15ተ ናይ ሰራሕ መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያ ናብ ቢሮና ስቶር ክፍሊ በቲ ዝተሓተተ ፅሬትን መጠንን ከቕርብ ዝኽእል::

6 ናይ መወዳደሪ ደኩሜንት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ናይቲ ትካል ሽምን ኣድራሻን ማህተምን ፌርማን ዘለዎ ክኸዉን ይግባእ::

7 ተጫረቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምረሒ ጨረታን ሰነድነ ጨረታን ንዘለዉ ዝርዝር ንብረታት ንሕድሕድ ሰነድ ዘይምለስ ብር 100.00 /ሓደ ሚኢቲ ብር ጥራሕ / እናኸፈለ ካብ ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ከይዲ ንብረት ምም/ርን ቢሮ ቑፅሪ 2-19 ካብ 05/1/2012 ክሳብ 20/01/2012 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ናይ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቅራብ ሰነድ ጨረታ ገዚኡ ከወዳድር ይክእል

8 ተጫረቲ ናይ ጨረታ ዉሕስና መኽበሪ ብር20000.00 / ዒስራ ሽሕ ብር ጥራሕ/ ብሽም ቢሮ ትልምን ፋይናንስን / Bureau of plan & finance / ብ CPO ወይ ብሰርቲፋይድ ቼክ ዉይ ድማ ብጥረ ገንዝብ ናብ ዝተዳለወ ናይ ቢሮና ጨረታ ሳንዱቅ ወይ ድማ ጨረታ ቅደሚ ምክፋቱ ከቕርብ ዝኽእል::

9 እቲ ጨረታ ዕለት 20/01/2012 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 8፡30 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 9፡00 ኣብ ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ከይዲ ንብረት ምም/ርንቢሮ ቑፅሪ 2-19 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ይኽፈት::

10 ቢሮና ነቲ ጨረታ ዝሐሸ መማረፂ እነተረኪቡ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ::

11 እቲ ጨረታ ምስተከፈተ ቢሮና ናይቲ ዝግዛእ ንብረት መጠን ክሳብ 20% ክቕንስ / ክዉስክ ይክእል እዩ::
12 ሰዓራይ እቲ ዘቕርቦ ንብረት ብበዓል ሞያ ተፈቲሹ ትክክለኛነቱ ምስተረጋገፀ ጥራሕ ኣታዊ ይኸዉን::

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

13 ንዝበለፀ ሓበሬታ ብቴሌፎን ቑፅሪ 0344-410529 / 0344-405152/ ናይ ወሸጢ መስመር 227:265 ደዊልካ ምሕታት ዝከኣል ምኻኑ ንሕብር::

© ***መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።*** 2013 - 2026 Made with love in Mekelle